# ምልክታ ተግባራት ስትረት
# Notice of Privacy Practices (Tigrigna)

እዚ ሓባራዊ ምልክታ ተግባራት ስትረት (Joint Notice of Privacy Practices) (ምልክታ) ብኸመይ ሓበሬታ ጥዕና ብዛዕባኻ ከም ዝጥቀምን ዝግለጽን ከምኡ'ውን ናብዚ ሓበሬታ ብኸመይ ከም እትኣትው ይገልጽ። በጃኻ ተጠንቂቕካ ገምግሞ። እቲ ምልክታ ናባኻ ኣብ ክንዲ **Swedish Health Services (Swedish)**፣ሕክምናዊ ኣባላቱን ካልኦት ኣቕረብቲን ይቐርበልካ ኣሎ (ብሓባር ኣብዚ ከም "ንሕና" ወይ "ናትና" ተመልኪቱ ኣሎ)።

## *Swedish ምስጢራዊነት ናይ ጥዕናኻ ሓበሬታ ንምሕላው መብጽዓ ኣለዎ*

ን PHI ብኤሌትሮኒካዊ ቅርጺ ዘጠቓልል (ብንቡር PHI ወይ ጥዕናዊ ሓበሬታ ዝበሃል)፣ ስትረት ናይ ዝተሓለወ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንምዕቃብ ብሕጊ ይጥለበና ኢዩ። ሕጋዊ ግቡእናን ንጥዕናዊ ሓበሬታኻ ዝምልከት ተግባራት ስትረትን ክነፍልጠካ ከምኡ'ውን በቶም ተግበራት ናይዚ ምልክታ ንኽንቅየድ፣ እንተደኣ ዝያዳ ዝጸንዑ ሕጊታት ወይ መምርሒታት ዘይምልከትዎም ኮይኑ እውን ይጥለበና ኢዩ። እዚ ምልክታ ንኹሎም ንዓኻ ጥዕናዊ ክንክን ዘቕርቡ መሳለጢያታት፣ ኣገልግሎታትን ፕሮግራማትን Swedish ይምልከት።

### ኣተገባብራ ናይዚ ምልክታ

እቲ ኣብዚ ምልክታ ተገሊጹ ዘሎ ሓበሬታ ተግበራት ስትረት በዞም ዝስዕቡ ክኽተል ኢዩ፤

- ኣብ ዝኾኑ ቦታታትና ኾይኑ ዝኾነ ዝሕክመኩም ክኢላ ጥዕናዊ ክንክን።
- ኩሎም መሳለጢያታት፣ ክፍሊታትን ኣሃዱታትን፣ ሆስፒታላት፣ ማእከላት መጥባሕቲ፣ ቤታዊ ክንክን፣ ክሊኒካትን ካልኦት ተሓባበርቲን ዘጠቓልል።
- ከም ሰራሕተኛታት፣ ሕክምናዊ ኣባላት፣ ሰልጠንቲ፣ ተመሃሮ፣ ወለንታዊያን ዝኣመሰሉ ኩሎም ኣባላት ዎርክፎርስን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ዘለዉ ካልኦት ሰባትን ብኣና ይከፈሉ ኣይከፈሉ ብዘየገድስ።
- በዚ ምልክታ ተግባራት ስትረት ንኽቕየዱ ዝተሰማምዑ ካልኦት ናይ ክንክን ሕክምና ኣቕረብቲ።

እዚ ምልክታ ብዛዕባ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ብፍቓድ ወይ ብዘይ ፍቓድ ብኸመይ ከም እንጥቀምን እንገልጽን ከምኡ'ውን ንጥዕናዊ ሓበሬታኻ ዝምልከት ብዝዓባ ዝተነጸሩ መሰላትካ ዝያዳ ሓበሬታ ዝርዝር ሓበሬታ የቕርብ።

## *ብዘይ ፍቓድካ ክንገብሮም እንኽእል ኣጠቓቕማን ኣገላልጻን ጥዕናዊ ሓበሬታኻ*

**ምሳኻ ንክንራኸብ፤** ሓበሬታኻ ብዛዕባ ቆጸራታት ንኽነዘክረካ፣ ናይ ፈተነ ውጽኢታት ንምቕራብ፣ ብዛዕባ ኣማራጺታት ሕክምና ክነፍልጠካ ወይ ብዛዕባ ካልኦት ምስ ጥዕና ዝተኣሳሰሩ ጥቕሚታትን ኣገልግሎታትን ምኽሪ ክንህበካን ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና።

**ሕክምና፤** ሓበሬታኻ ምስ ዝኾነ ጥዕናዊ ክንክን ኣገልግሎታት ዘቕርበልካ ዘሎ ጥዕናዊ ክንክን ኣቕራቢ ክካፈል ይኽእል ኢዩ። እዚ ክንክንካ ምስ ካልኦት ጥዕናዊ ክንክን ኣቕረብቲ ምውህሃድን ናብ ካልኦት ጥዕናዊ ክንክን ኣቕረብቲ ምውካሳት ምቕራብን የጠቓልል። ሓኪምካ፣ ፋርማሲስትኻ፣ ነርስካን፣ ካልኦት ኣቕረብቲን ከም ኣካላዊ ቴራፒስትኻ፣ ቤታዊ ጥዕና ኣቕረብቲን ኤክስረይ ቴክኒሻናትን ብኣጠቓላሊ፣ ከም ንክሕክሙኻ ሓበሬታኻ ዘድልዮም ናይ ጥዕናዊ ክንክን ኣቅረብቲ ከም ኣብነት ክስመዩ ይኽእሉ። ምእንቲ

ክሕኩሙኻ ብዝተኻእለ መጠን ሓበሬታኻ ቀልጢፎም ንኽረኽቡ ምርግጋጽ ሓበሬታኻ ብኤሌትሮኒካዊ መንገዲ ምስ ጥዕናዊ ክንክን ኣቕረብትኻ ክንካፈሎ ንኽእል ኢና።

ኣብ ምሕጋዝ ናይ ጥዕናዊ ክንክንካ ምስ ዝዋሳእ ዝኾነ ኣባል ስድራ ወይ ዓርኪ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ክንካፈል ንኽእል ኢና። ነዚ እንገብር ንስኻ እንተ ተሰማሚዕካ ወይ ዘይትቃወም ኮይንካ ጥራይ ኮይንካ፣ ከምኡ'ውን እቲ እነካፍሎ ሓበሬታ ንዓኻ ንኽሕግዙኻ ዘድልዮም ጥራይ ክኸውን ከሎ ኢዩ። እንተደኣ ነዚ ዝመሰለ ምቕላዕ ንኽትሰማማዕ ወይ ክትቃወም ዘይትኽእል ኮይንካ፤ ኣብ ሞያዊ ኣረኣእያና ተሞርኲስና ንጥቕምኻ ጽቡቕ ኢዩ ኢልና እንተደኣ ወሲንና ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ከከም ኣድላይነቱ ክንቀልዖ ንኽእል ኢና። ንኣባል ስድራ፣ ዘመድ፣ ወይ ኣብ ጥዕናዊ ክንክንካ ወይ ክፍሊት ንጥዕናዊ ክንክን ዝዋሳእ ዝነበረ ካልእ ሰብ ምስ ሞትካ እንተደኣ ምስቲ ዝቐደመ ዝተገልጸ ምርጫኻ ዘይቃወም ኮይኑ፣ ጥዕናዊ ሓበሬታ ክንቀልዕ ንኽእል ኢና።

**ክፍሊት፤** ንዝተዋህበ ናይ ጥዕናዊ ክንክን ኣገልግሎት ክፍሊት ምእንታን ክንረክብ ነቲ ንምኽፋል ሓልፍነት ዘለዎ ወገን ጥዕናዊ ክንክን ሓበሬታኻ ክንህብ ንኽእል ኢና። እዚ መዲኬር፣ መዲኬይድ (ናይ ስቴት ጥዕናዊ ውጥን) ወይ መድሕን ኩባንያኻ ከጠቓልል ይኽእል ኢዩ። ናይ መድሕን ኩባንያኻ ወይ ጥዕናዊ ውጥንካ፣ ከም ንምሽፋን ብቑዕነትካ ምውሳን፣ ነቲ ሕክምናዊ ኣድላይነት ናይቲ ዝቐረበልካ ጥዕናዊ ክንክን ኣገልግሎታት ምግምጋም ወይ ምጽዳቕ ንኣገልግሎታት ሆስፒታል ወይ ኣብ ሆስፒታል ምጽናሕ ምቕራብ ሓበሬታኻ ንዝኣመሰሉ ንጥፈታት ንሓበሬታትካ ክደልይ ይኽእል ኢዩ።

**ናይ ጥዕናዊ ክንክን ንጥፈታት፤** ምእንቲ ናይ ዋኒን ንጥፈታትና ንምድጋፍ ከምኡ'ውን ብሉጽ ጥዕናዊ ክንክን ኣገልግሎታት ከምዝቕርብ ዘሎ ንምርግጋጽ ጥዕናዊ ክንክን ሓበሬታኻ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። ገለ ካብዞም ንጥፈታት ብሉጻት ገምጋማት፣ ናይ መሳርሕቲ ወይ ሰራሕተኛ ገምጋም፣ ምስልጣን ሕክምናዊ ሰራሕተኛታት፣ ፍቓድን ብወግዒ ምፍላጥን፣ ሓበሬታ ምእካብን ምርመራታት ብተቐጻጸርቲ ትካላትን የጠቓልል።

ን PHIካ፣ ከም ምጽሓፍን ቅብሊት ምሃብን ንዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ምስ ዘከናውኑ ሳልሳይ ወገናት ክንካፈል ንኽእል ኢና። ኣብ ከምኦም ዝኣመሰሉ ጉዳያት፣ ምስቶም ሳልሳይ ወገናት ብሕጊ እንተዘይተፈቒድሎም ጥዕናዊ ክንክን ሓበሬታኻ ከይጥቀሙሉ ወይ ከይቀልዑ ናይ ጽሑፍ ስምምዕ ኣለና።

ንሓበሬታኻ (ሽም፣ ኣድራሻ፣ ዕለተ-ልደት፣ ክፍሊ ኣገልግሎት፣ ሓካሚ፣ ዕለታት ሕክምና፣ ውጽኢት) ንገንዘብ ምእካብ ንጥፈታትና ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። **ከምዚኦም ዝኣመሰሉ መልእኽትታት ካብ ምቕባል ንኽተልግስ መሰል ኣለካ።** እንተደኣ እዞም ነገራት ክይትቕበል ደሊኻ፣ በጃኻ ትካል ቤት ጽሕፈትና ተራኺብካ እዞም ነገራት ንኸይስደዱልካ ሕተት።

ዘይትቃወም እንተኾይንካ፣ ሽምካን ዘለኻዮ ቦታ ኣብቲ ናይ ተሓከምቲ መዝገብ ክህሉው ይኽእል ኢዩ። ከም ዝኣቱ እንተ ተገይሩ፣ ከም ሽምካ ጠቒሱ ብዛዕባኻ ንዝሓትት ሰብ ኣብቲ ሆስፒታል ዘለኻዮ ቦታን ሓፈሻዊ ኩነታትካ ንዝኣመሰሉ ዝተወሰኑ ሓበሬታታት ጥራሕ ክነካፍል ንኽእል ኢና።

እዚ ምልክታ እቶም ስትረት ተግበራት ናይ ዝተወደበ ጥዕናዊ ክንክን መስርዕ (Organized Health Care Arrangement) ("OHCA") ኣብ መንጎናን ዝተወሰኑ ብቑዓት ጥዕናዊ ክንክን ኣቕረብቲን ከምኡ'ውን ትካላትን ይገልጽ። ሓደ OHCA ሕጋዊ ፍሉያት ዝተሸፈኑ ነገራት ንምጥቃምን ምቕላዕን PHI ንናይ ሓባር ስርሒት ናይቲ ኣሰራርዓ የኽእል። ንሕና ኣብ ከምዚ ኣሰራርዓ ንክንክንካ ኣድላዪ ዝኾነ ጥዕናዊ ሓበሬታ ምርካብ ንምስላጥ ምስ ነንሕድሕዶም ክሰርሑ ዝተሰማምዑ ጥዕናዊ ክንክን ትካላት ንሳተፍ። ንኣብነት፣ እንተደኣ ኣብ ሆስፒታል ንህጹጽ ክንክን ኣለኻ እሞ ብዛዕባ ጥዕናኻ ኣገዳሲ ሓበሬታ ክትህብ እንተዘይኪኢልካ፣ እቲ OHCA፣ ንPHIካ ካብ OHCA ተሳተፍቲና ወሲድና ንኽንሕክመካ የኽእለና። ክድለይ እንከሎ፣ ቅሩብ ፍቓድ ናብ PHIካ ማለት ዝበለጸ ክንክን ንዓኻ ማለት ኢዩ። ጥዕናዊ ሓበሬታ

ብዛዕባ ተሓከምትና ኣብ ናይ ሓባር ኤሌትሮኒካዊ ጥዕናዊ መዝገብ ምስ ካልኦት ጥዕናዊ ክንክን ኣቕረብቲ ኣብዚ OHCA ዝሳተፉ ንኽዝን። Swedish ከምኡ'ውን ኣባላት ናይቲ OHCA ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ብነጻ ንሕክምና፣ ክፍሊትን ንምኽንያታት ጥዕናዊ ክንክን ስርሒታትን ክካፈሉ ክኽእሉ ኣለዎም። ነዚ ምኽንያት፣ ነቲ OHCAን ነዚ ሓባራዊ ምልከታ ፈጢርና ኣለና። ኣባላት OHCA ናይ ገዛእ ርእሶም ምልከታ(ት) ክህልዎም ክመርጹ ይኽእሉ ኢዮም። ንሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ናትና OHCA ዝሳተፉ ትካላት፣ በጃኻ ነቲ ኣብዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ስትረት ተራኸብ።

***<u>ብዘይ</u> ፍቓድካ ክንገብሮም እንኽእል ካልኦት ኣጠቓቕማታትን ምቕላዕን***

ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ብዘይ ናትካ ፍቓድ ክጥቀምን ክቕላዕን ዝኽእለሉ ብዙሓት መንገዲታት ኣለዉ። ብሓፈሻኡ፣ እዞም ኣጠቓቕማታትን ምቕላዓትን ብሕጊ ይጥለቡ ወይ ድማ ንህዝባዊ ጥዕናን ድሕንነትን ምኽንያታት ኢዮም።

**ብሕጊ ምስ ዝጥለብ፤** ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ብሕጊ እንተ ተጠሊቡ ክንጥቀመሉ ወይ ክንቀልዖ ንኽእል ኢና። እንተደኣ እዚ ኮይኑ፣ ብሕጊ ክንምእዘዝ ኢና ከምኡ'ውን እቲ ኣድላዩ ሓበሬታ ጥራይ ክንቀልዕ ኢና።

**ህዝባዊ ጥዕና፤** ንጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንህዝባዊ ጥዕና በዓል ስልጣን፣ ንህዝባዊ ጥዕና ንጥፈታት ክንቀልዖ ንኽእል ኢና። ንጥፈታት ህዝባዊ ጥዕና ምክልኻል ወይ ምቁጽጻር ሕማም፣ ማህሰይቲ፣ ስንክልና፣ ከምኡ'ውን ንጸብጻባት ናይ መግፋዕቲ፣ ሸለል ምባል ወይ ቤታዊ ዓመጽ የጠቓልል። ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ኣሉታዊ ፍጻሜታት፣ ኣበራት ፍርያት ወይ ጸገማት፣ ስነ-ህይወታዊ ምዝንባዕ ፍርያት፣ ወይ ንምምላሳት፣ ምዕራያት ወይ ምትካኣት ፍርያት፣ ጸብጻብ ንምቕራብ ዝጥለቦ ሰብ ወይ ትካል ክንቀልዕ ንኽእል ኢና። ዝኾኑ ከምዚ ባህርይ ዘለዎም ምቕላዓት ብናይ ክፍለ-ሃገርን ፌደራልዊን ሕጊ ዝሰማማዕ ክኸውን ኢዩ።

**ጥዕናዊ ምቁጽጻር፤** ንጥዕናዊ ሓበሬታኻ፣ ንጥዕናዊ ናይ ምቁጽጻር ስራሕ ትካላት ብሕጊ ንዝተፈቕደ ንጥፈታት ናይ ምቁጽጻር ስራሓት ዝኣመሰሉ፣ ከም ኦዲት መግባር፣ ምርመራታትን፣ ቁጽጽራትን ዝኣመሰሉ ክንቀልዕ ንኽእል ኢና። ናይ ጥዕናዊ ናይ ምቁጽጻር ስራሕ ትካላት ነቲ ጥዕናዊ ክንክን ዝከታተሉ መንግስታዊ ትካላት፣ መንግስታዊ ጥቕሚ ፕሮግራማት፣ መንግስታዊ ቁጽጽር ፕሮግራማትን ሰብኣዊ መሰላትን የጠቓልሉ።

**ሕጋዊ መስርሓት፣ ን**ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ካብ ቤት ፍርዲ ንዝመጽእ ጠለባት ወይ ምሕደራዊ ትእዛዝ መልስ ንምሃብ፣ ኣብ ምሕደራዊ ወይ ሕጋዊ ኣተኣላልያ፣ ወይ ንምምላስ ንጻውዒት ቤት ፍርዲ፣ ንሕቶ ምርካብ ወይ ካልእ ሕጋዊ መስርሕ ክንጥቀመሉ ወይ ክንቀልዖ ንኽእል ኢና።

**ሕጊ ንምኽባር፣** ንጥዕናዊ ሓበሬታኻ ኣብ መዓላ ናይ ምኽባር ሕጊ ንጥፈታት ክንጥቀመሉ ወይ ክንቀልዖ ንኽእል ኢና። እዚኣቶም ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ (1) ንሕጋዊ መስርሓት መልሲ ኣብ ምሃብ፣ (2) ንምልላይ ወይ ምርካብ ጥርጡር ዘድሊ ዝተወሰነ ሓበሬታ ምቕራብ፣ (3) ብዛዕባ ግዳያት ገበን ሓበሬታ ንምሃብ፣ (4) ብምኽንያት ዝተፈጸመ ገበን ሞት ከም ዘስዓበ ዝጥርጠር እንተኾይኑ ሪፖርት ንምግባር፣ (5) ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ግብና ንዝተፈጸመ ገበን ሪፖርት ንምግባር፣ ከምኡ'ውን (6) ንሕክምናዊ ህጹጽ ኩነታት፣ ገበን ዝተራእየ እንተመሲሉ ጸብጻብ ንምሃብ።

**ከቢድ ዝኾነ ሓደጋ ንምክልኻል፤** እንተደኣ ብቕንዕና፣ ምጥቃምን ምቕላዕን ናይ ጥዕናዊ ሓበሬታትካ ንምንካይ ነቲ ኣብ ልዕሊ ጥዕናን ድሕንነት ናይ ሓደ ሰብ ወይ ህዝቢ ክፍጸም ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዘሎ ከቢድን ርጉጽን ሓደጋ ንምቕላል ወይ ንምክልኻል። ምቕላዕ ስክፍታ ንኽከላኸል ወይ ክከንኺ ንዝኽእል ሰብ ጥራሕ እዩ ሓበሬታ ክውሃብ ዝኽእል።

**መርመርቲ ሬሳ፣ ዳይረክተራት ናይ ቀብሪ፣ ከምኡ'ውን ምልጋስ ክፍሊ ኣካላት ሰውነት (ኦርጋን ዶኔሽን)፤** ንምኽንያታት ምልላይ፣ ንምውሳን ጠንቂ ሞት ወይ ካልኦት ሕጋዊ ዝጥለቡ ስራሓት ንመርማሪ ሬሳ ወይ

ሕክምናዊ መርማሪ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ክንቀልዕ ንኽእል ኢና። ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንዳይረክተር ቀብሪ መታን ስርሑ/ስርሓ ኣብ ምፍጻም ከኽእሎ/ላ ክንቀልዕ ንኽእል ኢና። ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንምስላጥ ኣካል፣ ዓይኒ ወይ ዋህዮ ምልጋስ ክንቀልዕ ንኽእል ኢና።

**ምርምር፤** እንተደኣ ብትካላዊ ገምጋሚ ቦርድ (Institutional Review Board) ከምኡ'ውን/ወይ ስትረት ቦርድ (Privacy Board) ጸዲቑ እቶም ፕሮቶኮላት ምርምር ድማ ስትረትካ ንምርግጋጽ ጸዲቖም ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንተመራመርቲ ክንቀልዖ ንኽእል ኢና። ጥዕናዊ ሓበሬታ ብዛዕባኻ ምርምር ፕሮጀክት ንኽካይዱ ዝቐረቡ ዘለዉ ሰባት ክንቀልዕ ንኽእል ኢና።

***ወተሃደራዊ ንጥፈትን ሃገራዊ ድሕንነትን፤*** ንጥዕናዊ ሓበሬታ ንሰራሕተኛታት ናይ መካላኸሊ ሓይልታት ክንቀልዕ ንኽእል ኢና፤ (1) በቲ ግቡእ ወተሃደራዊ ትእዛዝ በዓል-ስልጣናት ኣድላዪ ንዝተባህሉ ንጥፈታት፣ (2) ንምኽንያታት ምውሳን ብኽፍሊ ጉዳያት ሓርበኛታት (Department of Veterans Affairs) ንጥቕሚታት ብቑዕነትካ፣ ወይ (3) ንወጻእተኛ ናይ ወተሃደራዊ በዓል-ስልጣን እንተደኣ ናይቲ ወጻእተኛ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ኣባል ኮይንካ። ንዝተፈቕደሎም ፌደራላዊ ሰበ-ስልጣን ሃገራዊ ድሕንነትን ንጥፈታት ስለያን ከካይዱ ንዝተፈቕደሎም፣ ምቕራብ ሕሉው ኣገልግሎታት ንፕረሲደንት ወይ ካልኦት ብሕጊ ሓበሬታ ንክቕበሉ ዝተፈቕደሎም ዘጠቓልል፣ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ክንቀልዕ ንኽእል ኢና።

**ሕቡሳት/እሱራት፤** እንተደኣ ኣብ ናይ መኣረሚ ቤት ማእሰርቲ ሕቡስ ኮይንካ ወይ ኣብ ማሕቡስ ኣለኻን እቲ ሓበሬታ ድማ ንምሕካምካ ወይ ምሕላው ጥዕናን ድሕንነትን ናትካ፣ ካልኦት ሕቡሳት፣ ሰራሕተኛታት ኣብቲ መኣረሚ መሳለጥያ ወይ ካልኦት ኣድላዪ ኮይኑ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንትካል መኣረሚ ወይ ንሰበ-ስልጣን ሕጊ ምኽባር ክንቀልዕ ንኽእል ኢና።

**ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ፤** ከም ኣድላይነቱ ምስ ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ ሕጊታትን ካልእ ተመሳሳሊ ብሕጊ ዝተመስረቱ ፕሮግራማትን ንኽሰማማዕ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ክንቀልዕ ንኽእል ኢና።

***ናይ ሓደጋ ረዲኤት፤*** ምእንቲ ቤተሰብካን ኣዕሩኽቲኻን ብዛዕባ ኩነትካ፣ ደረጃኻን ቦታኻን ክንገሮም ጥዕናዊ ሓበሬታ ብዛዕባኻ ንሓደ ኣብ ሓደጋ ረዲኤት ጻዕሪ ዝሕግዝ ዘሎ ኣሃዱ ክንቀልዕ ንኽእል ኢና።

***<u>ብፍቓድካ</u> ክንገብሮም እንኽእል ኣጠቓቕማታትን ምቕላዓትን ጥዕናዊ ሓበሬታኻ***

ከም ናይ ዕዳጋ፣ ምሻጥ ጥዕናዊ ሓበሬታ ወይ ምፍናው ስነ-ኣእምሮዊ ሕክምና ጽሑፋት ዝኣመሰሉ ገለ ገለ ኣጠቓቕማታትን ምቕላዓትን ናይ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንስኻ ብጽሑፍ ምስ እተፍቅድ ጥራይ እዩ ክፍጸሙ ይኽእሉ። ብጽሑፍ ብተዳለወ ትእዛዝ ጌርካ ኣብ ዝኾነ እዋን ነቲ ተዋሂቡ ዘሎ ፈቓድ ክተልግሶ ትኽእል ኢኻ፣ ብጀካ ነቲ ኣብቲ ፍቓድ ተሞርኪስና ድሮ ስጉምቲ ዝወሰድናዮ ከይወሰኽካ።

ኣብዚ ምልክታ ዘይተገልጹ ኣጠቓቕማታትን ምቕላዓትን ብጽሑፍ ብዝተዳለወ ፈቓድካ ጥራይ ክግበሩ ኢዮም።

ፌደራላዊን ናይ ስቴት ሕጊታት ኣብ ምቕላዕ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንመድሃኒትን ኣልኮላዊ መስተ ብዘይ ግቡእ ምጥቃም ሕክምና ፕሮግራማት፣ ብግብረ-ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማት፣ ወይ ኣእምሮዊ ጥዕና ሕክምና ፕሮግራማት ተወሰኽቲ ደረታት ከቕምጡ ይኽእሉ ኢዮም። ብሕጊ ምስ ዝጥለብ፣ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ቅድሚ ምፍናውና ፍቓድካ ክንረክብ ኢና።

***መሰላትካ***

***መሰል ንምሕታት ደረታት፤*** ንጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንሕክምና፣ ክፍሊት ወይ ጥዕናዊ ክንክን ስርሒታት ብኽመይ ከም እንጥቀመሉን እንቕልዖን ደረታት ክንገብረሉ ክትሓትና መሰል ኣለካ። ሕቶኻ ኣብ ግምት ክነእትዎ ኢና ግን ነቲ ነቲ ቀሪቡ ዘሎ ደረት ክንሰማማዓሉ ኣይንግደድን ኢና (ብጀካ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ

ንዘሎ ኩነት)። እንተደኣ ደረት ንኽግበር ተሰማሚዕናሉ፣ ብጀካ ኣብ ህንደበታዊ ኩነት ሓበሬታኻ እንተ ተደልዩ፣ ነቲ ዘሎ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ነቲ ደረት ጥሒስና ኣይንጥቀመሉን ወይ ኣይንቐልዖን ኢና። እንተደኣ ቀይዲ ዘይሰርሕ ኮይኑ፣ ክነፍልጠካ ኢና።

**ንጥዕናዊ ውጥናት ምቅላዕ ናይ ምድራት መሰል፤** ካብ ጁባኻ ብሙሉኡ ንዝኸፈልካሉ ነገራት ወይ ኣገልግሎታት ኣብቲ እዋን ኣገልግሎት፣ ብጽሑፍ ጌይርካ ንጥዕናዊ ውጥናት ሓበሬታ ከይንቕልዕ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እንተደኣ ገለ ገለ ኩነታት ተማሊኦም ነዚ ሓበሬታ ንጥዕናዊ ውጥንካ ከይንቕልዕ ክንሰማማዕ ኣለና።

**ምስጢራዊ ርክባት፤** ብዛዕባ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ወይ ኣማራጺ ቦታታት ምሳኻ ሓበሬታ ንምልውዋጥ፣ ንዝቀርቡ ርትዓዊ ሕቶታት ክነኣንግድ ኢና። ንኣብነት፣ እንተደኣ ኣብ ጥዕናዊ ውጥን ተሸፊንካ ግን እቲ ቀንዲ በዓል ዋና እንተዘይኮይንካ፣ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ድማ ካብቲ ምዝጉብ ናብ ዝተፈልየ ኣድራሻ ክለኣኽ እንተደኣ ደሊኻ፣ መብዛሕትኡ ጊዜ ነዚ ክንገብረልካ ንኽእል ኢና።

**ምጥሓስ ክፍጸም ከሎ ምፍላጥ፤** እቲ ዘሎ ናይ ጥዕናው ሓበሬታኻ እንተ ተጣሒሱ፣ ሕጊ ኸም ዝጠልቦ፣ መጀመርታ ነዓኻ ክሕበረካ እዩ።

**ናብ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ናይ ምርካብ ተኽእሎ፤** ነቲ ንሕና እንዕቅቦ ናይ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ቅዳሕ ናይ ምቕባል መሰል ኣለካ፣ ምስ ገለ ዉሱናት ደረታት። ፍቓድ ናብ ሓበሬታኻ ብጽሑፍ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ሓበሬታኻ ብኤሌትሮኒካዊ ቅርጺ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንናይ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንምድላውን ንምቅራብን ንዘጥፋእናዮ ወጻኢታት፣ ጉቡእ ክፍሊት ናይ ምኽፋል መሰል ኣሎና። ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ፣ ከም ካልእ ዶክተር፣ ወሃቢ ክንክን ዝኣመሰለ ዝኾነ ሰብ ወይ ኣሃዱ ወይ ኣብ-መስመር ውልቃዊ ጥዕናዊ መዝገብ ንኽሰደደልካ ክትሓትት መሰል ኣለካ።

**ምምሕያሽ ናይ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ፣** ዝኾነ ናይ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ንኽነመሓይሽ ክትሓተና መሰል ኣለካ። እዚ ምምሕያሽ ብጽሑፍ ክትሓትት ናብቲ ናይ መሳለጢ ሕክምናዊ መዝገባት ክፍሊ ድማ ክተእትዎ ከድልየካ ኢዩ። ኣብ ዝተወሰኑ ኩነታት፣ ማለት ከም ናይ ጥዕናዊ ሓበሬታ ኣብ መዛግብትኻ ብኻልእ ኣቕራቢ እንተደኣ ተፈጢሩ ወይ ሓበሬታኻ ልክዕን ሙሉእን ኢዩ ኢልና ወሲንና ሕቶኻ ክንነጽጎ ንኽእል ኢና። ዝኾኑ ምንጻጋት ብጽሑፍ ኢዮም ዝኾኑ። ጽሑፍ መግለጺ ናይ ዘይምስምማዕ ፋይል ብምግባር ነቲ ምንጻግና ይግባይ ንኽትብል መሰል ኣለካ።

**ተሓታትነት ናይ ዝተወሰኑ ምቕላዓት፤** ንእንገብሮም ምቕላዓት ናይ ጥዕናዊ ሓበሬታኻ ዝርዝር ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ፣ ብጀካ እቶም ንሕክምና፣ ክፍሊት፣ ወይ ጥዕናዊ ክንክን ስርሒታት፣ ወይ እቶም ብፍቓድካ እተገብሩ። እቶም ዓይነት ምቕላዓት ኣብ ዝርዝር ዘለዉ ምቕላዓት ንግድነታዊ ህዝባዊ ጥዕናዊ ምኽንያታት፣ ምኽባር ሕጊ፣ ሕጋዊ ኣከያይዳታት ወይ ንኻልእ ዝጥለቡ ጸብጻባት ከም ናይ ዕለተ ልደት ወይ ሞት ምስክር ወረቐት ኢዮም።

**መሰላትካ ምጥቃም፤** ነቶም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ካብ ዘለዉ ንዝኾነ መሰላት ወይ ኣብዚ ሊስታ ተዘርዚሮም ካብ ዘለዉ ዕላማታት ወጻኢ፣ ንጥዕናዊ ሓበሬታኻ ምስ ገለ ሰብ ክትካፈል ደሊኻ፣ ነቲ ግቡእ ሕክምናዊ መዝገብ ክፍሊ ተራኸብ።

***ሕቶታትን ጥርዓናትን***

ናይ ስትረት መሰልካ ስለተጋህሰ ሕቶታት ወይ ጥርዓናት እንተድኣ ኣለዉኻ፣ በጃኻ ንናይ ስትረት ሓላፊና ኣብ **XXX-XXX-XXXX** ተራኸቦ። ናብ ጸሓፊ ጥዕናዊን ሰብኣዊን ኣገልግሎታት (Secretary of Health and Human Services) ፣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻታት፣ ጥርዓን ከተቕርብ እውን መሰል ኣለካ፤

**Office for Civil Rights (ቤት ጽሕፈት ንሰብኣዊ መሰላት) – AK, WA, OR, MT**
U.S. Department of Health and Human Services
2201 Sixth Avenue - M/S: RX-11
Seattle, WA 98121-1831

**Office for Civil Rights (ቤት ጽሕፈት ንሰብኣዊ መሰላት – CA**
U.S. Department of Health and Human Services
90 7th Street, Suite 4-100
San Francisco, CA 94103
ጥርዓን ፋይል ብምግባርካ ዋላሓደ ነገር ኣይትኸውንን ኢኻ።

## ለውጢታት ንሓባራዊ ምልከታ ተግባራት ስትረት

ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብዚ ምልከታ ንዘለዉ ውዕላት ናይ ምልዋጥ መሰል ኣሎና። ሓዲሽ ምልከታ ቀረባት ንኹሎም እንዕቅቦም ዝተሓለዉ ጥዕናዊ ሓበሬታ ኣብ ተግባር ክውዕል ኢዩ። ንቅዳሕ ናይቲ ዘሎ እዋናዊ ምልከታና ኣብ መርበብ ሓበሬታና **www.Swedish.org**፣ ወይ ከኣ እዋናዊ ቅዳሕ ካብ ሕክምናዊ መዝገብ ክፍሊ፣ ሓላፊ ስትረት ወይ ሰራሕተኛታት ምዝገባ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

Copyright © 1997-2013 Swedish Health & Services All rights Reserved

## ምልከታ ተግባራት ስትረት

በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ፈርማይ ምልከታ ተግባራት ስትረት ከም እተቐበልኩ ኣፍልጥ።